# 2ይ ፈስቲቫል ተ.ሓ.ኤ-ሰ.ባ ኣብ ስያትል - ሕ.መ.ኣ.
# ነጸብራቕን ታሪኻዊ መልእኽትታትን።

ብኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ማሕበር (ኤ.ደ.ማ.) ዝተኣንገደ 2ይ ፈስቲቫል ናይ ተ.ሓ.ኤ-ሰ.ባይቶ፥ ኣብ ወትሩ ዝናብ ዘይፍለያ ፥ ኣብ ናይ ቦዊንግ ጀት ነፈርትን ማይክሮሶፍት ፕሮግራምስ ዝስንዓሉ ማእከል ዝኾነት ከተማ ስያትል ብሰነ 25-26, 2005 ብድምቀት ተሰላሲሉ።

ፈስቲቫል ብተኸታታሊ ብስእልታት ተሰንዩ እኹል ዜናዊ ሓበሬታን መግለጽን ስለዝተገብረሉ ዜና ክደግም ኣይኮንኩን። እዚ ሕጂ ዘቕርቦ ሓተታን ጸብጻብን ነቲ ብዓደምትን ዕዱማትን ብመደረን መግለጽን ከምኡውን ብስምዒት ዘንጸባረቐ ጽማቕ ርእይቶታትን ሓሳባትን ብመንጽር ትዕዝብትታተይ ዘዋህለልክዎ ንተኸታተልቲ ፈስቲቫል ንምሕባር እዩ።

## ፈስቲቫል ትርጉሙን ዕላማኡን፤

ፈስቲቫል ማለት ዓመታዊ ንግደት እዩ። ንግደት ኣብ ሃገርና ናይ ሓደ ዓዲ ወይ ቅዱስ ቦታ በብዓመቱ ዝኽበር፥ ኣመንቲ ካብ ርሑቕን ቀረባን ዝሳተፍዎ ሃይማኖታዊ ጽንብል እዩ። ኣብዚ ኣጋጣሚዚ፥ ዓድን ከባብን፥ ያታዊ ባህሉምን ልምዱምን ዓቂቦም ንቐጻሊ ወለዶ ዘመሓላልፍሉን፥ ማሕበራውን ቍጠባውን ሰረታቶምን ዝምድናታቶምን ዘደልድልሉ፥ ፍቕርን ሰላምን ዝሰፈኖ ኣገዳሲ ህዝባዊ ውራይ እዩ።
ኣብ መዋእል ተጋድሎን ድሕሪ ናጽነትን፥ ብመንግስቲ ይኹን ብውድባት ዝካየድ ፈስቲቫላት ዓመታዊ ንግደት ኮይኑ፥ ብደረጃ ኤርትራዊ ህዝብን ባህሉን ታሪኹን ተወዲቡን ተዳልዩን ዝቐርብ ዕልመናዊ ጽምብል እዩ። ኣብዚ ኣጋጣሚዚ ብመደብ ባህላዊ መዘናግዕን ብናይ ስነጽሑፍን ግጥምን መደረታት፥ ስነጥበባውን ስነኪነታውን ኣቕሑ፥ ብሰሚናራትን ኣቢሉ ፖልቲካውን ማሕበራውን ቍጠባውን ጉዳያት ናይ ውድብን ሃገርን ዝዝተየሉን ውሳኔታት ዝቃላሓሉን ኣጋጣሚ እዩ።
ካብ ሃገርና ወጻኢ ማለት ኣብ ስደት ኔንና እነካይዶም ፈስቲቫላት፥ ብተወሳኺ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ፥ ምስ እንነብረሉ ከባቢ ህዝብታት (ኮምዩኒቲ) መንነትናን ባህልናን ከነላሊ ዕድል ኣብ ርእሲ ምሃቡ፤ ብኡ ኣቢሉውን ሓባራዊ ዝምድናታትና የደልድል።

## ኣዳራሽ ፈስቲቫል፤

ካብቲ ናይ ዓሚ ዝዓበየ ኮይኑ፥ ኣካያዲ ሽማግለ ምስ ተሓጋገዝቱ ልዕሊ ክልተ ወርሒ ዝወሰደ ምዕዳምን ምድላውን ጌሩ፥ በቲ ዝቐየሶ መደብ፥ ምስቶም ካብ ብዙሓት ከተማታት ዝመጹ ተሳተፍቲ፥ ሰብኣዮም ሰበይቶም ከይተጋየሹ ስለዝዓ መምዎ፥ ኣብ ሓጺር ጊዜ ኣዳራሽ ብሰውራዊ ጭርሖታት ተሰሊሙ፥ ንምርኢት ዝተዳለወ ባህላዊ ኣቕሑትን ሰሌዳታት ስእልን ብሓደ ኩርናዕ ተሰሪዑ ንዓይኒ ዝማርኽ፥ ንኣእምሮ ዘገርም፥ ንመንፈስ ዘሐድስ፥ ኮታ ብኤርትራውነት ዘሐብን ኳይኑ እዩ ተሰናዲኡ። ሓንቲ ካብቲ ንኣመሪካውያን ዘደነቐት ኣተኩሮም ዝሓተቱላን፥ ናውትን ኣገባብን ባህላዊ ኣፈላልሓ ቡን ነይሩ፡ ቡን ተቐልዩ፥ ተወቒጡ፥ ቀመም ጅንጅብል ተወሲኹዎ ኣብ ጃበና ፈሊሑ ብፍንጃል ተቐዲሑ ንውሉፋት ክዕደል፤ ምስጠዓሙዎውን እቲ ጣዕሙ ፈትዮሞ ኣገሪሙዎም።

ተሳተፍቲ ፈስቲቫል መብዝሕትኦም ኣብ መዋእል ተጋድሎ ናጽነት መቓልስቲ ዝነበሩ፥ሰላምታ ክለዋወጡን ኣብ ናይ ተሞክሮ ተዘክሮታቶም እንዳዕለሉን ከለዉ፥ ኣካያድቲ መደብ ፈስቲቫል ንምጅማር ኩሉ በቦትኡ ክሕዝ ኣተንቢሆም፤ መደብ ተጀመረ።

## መደብ ፈስቲቫል፥

መደብ ብጉጅለ መንእሰያት ባህላዊ ክዳን ለቢሶም ብሙዚቃ ተሰንዮም "ንወገኖም ዝጭቀኑ..." ብዝብል መዝሙር ተኸፈተ። ናይ ከበሳን መታሕትን ባህሊ ብባህላዊ ክዳን ዝለበሱ መንእሰያትን ዓበይትን ብተኻታታሊ ብምጽዋት ንስምዒት ኣጋይሽ ፈስቲቫል ኣለዓዓልዎ።
እቲ ኣዳራሽ ብካብ ዘዝነብርሉ ከተማታት ተጓዒዞም ዝመጹ ወከልትን ኣባላትን ውድብ ተ.ሓ.ኤ ሰ-ባይቶ፥ ኣባላት ናይ ኪዳን ውድባት፥ (ኤ.ህ.ም.፥ ህ.ድ.ግ.ኤ.-ሳግም) ካብ ርሑቕን ቀረባን ዝመጹ ግዱሳት ኤርትራውያን፥ ከምኡውን ዕዱማት ኣመሪካውያን ንመንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ወኪሎም ዝመጹ መሊኡ ነይሩ።
ብጻይ ዘምህረት ሰዓረ፥ ኣቦ መንበር ኣካያዲ ሽማግለ ፈስቲቫል፥ ብቋንቋ እንግሊዝ ዘዳለዎ ጽሑፍ ጌሩ መኽፈቲ ቃል ድሕሪ ምሃብ ናይ ምሉእ ምሸት ዝርዝር መደብ ሓቢሩ። ኣብ መግለጺኡ ብፍላይ ንኣመሪካውያን ኣጋይሽ ንምሕባር ዝዓለመ፥ ጽማቕ ታሪኽ፥ ጆግራፍያዊ ኣቀማምጣ፥ ሰንሰለታዊ ገዛእቲ፥ ንናጽነት ዝተኸፍለ መስዋእቲ፥ ህልዊ ኩነታትን ናይ ሃገርና ኤርትራ፤ ከምኡውን ዕላማታት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ማሕበር ኣቕሪቡ፡፡ እቲ ቃል ከምዘለዎ ኣብ መርበብ ንሓርነት ተለጢፉ ስለዘሎ፥ ንብኤርትራ ዝግደሱ ኣዕሩኽ ወጻእተኛታት ንምሕባር ከም ቅዳሕ ክንግልገለሉ ጠቓሚ እዩ።

ኣብ ኤርትራ ስርዓት ዲክታቶርያ ኣልጊስና ብፍትሓውን ደሞክራስያውን ስርዓት ንምትክኡ ኣብ እነካይዶ ዘለና ቃልሲ፤ ብጻይ ዘምህረት ንኣመሪካውያን ተሳተፍቲ ክተሓባበሩና ክጽውዕ ከሎ፥ ካብ ኣመሪካዊ ሲቪካዊ መሰላት ተመክሮን መንግስታዊ መርገጻትን ብምጥቃስ ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ፥ 1. ዶክተር ማርቲን ሉተር ኪንግ ከምዝበሎ " ኣብ ገለ ክፍልዓለም ዝርከብ ዘይፍትሓውነት፥ ንፍትሓውነት ናይ ሙሉእ ዓለም ሓደጋ እዩ። (An injustice anywhere is a threat to justice everywhere" 2. ፕረዚደንት ቡሽ ን2ይ ጊዜ ምስተመርጸ ኣብ ዘስምዖ መደረ "ስርዓትና ምስቶም ንሓርነቶምን ሰብኣዊ መሰሎምን ዝቃለሱ ወገናት ክተሓባበር እዩ፥ ዲክታቶርያ ካብ ገጽ ዓለም ንምጥፋእ ክንቃለስ ኢና።" ዘምህረት ኣብ መደምደምታ ቃሉ፥ ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ጭቆና ከነናግፎ፥ ኩሉ ዓይነት ንጥፈታት ከነዘውትርን ክሳብ ፒቲሽን ንፕረዚደንት ቡሽ ክንሰድድን ኣማሕጺኑ።

ቀጺሉ ብጻይ ቴድሮስ ህብትዝጊ፥ ኣብ ትሕቲ ዕላማታት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ማሕበር (ኤ.ደ.ማ) ዝብል ብቋንቋ እንግሊዝ ዘዳለዎ ኣስተምህሮ ብፓወር ፖይንት ፕረዘንተሽን ኣሰንዩ ኣብ መንጎ ደሞክራስያን ዲክታቶርያዊ ኣሰራርሓን እናነጻጸረ ምስ ህግደፍ ዘዘውትሮ ጭቆናን ግፍዕን እናዛመደ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቡ። ዲክታቶርያ ናይ ምእካብን ሓሳብካ ምግላጽን መሰላት ይኽልክል ጥራይ ዘይኮነ፥ ነቲ ናይ መራኸቢ ብዙሃን (ኢንፎርመሽን ተክኖሎጂ) ኣብ ትሕቲ ቍጽጽሩ ጌሩ

ንረብሓ ውሑዳት ብውሑዳት ይገዝእ፥ ግሉጽነት ዘይብሉ ብልሽውና ይስዕርር.. ኢሉ።

**ቃል ዕዱማት፣**

ንዝተፈላለዩ ጽፍሕታት መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ወኪሎም ካብ ዝመጹ፥ ሸውዓተ በብተራ ቃል ኣቕሪቦም፣ ናይ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ወኪል ኣብ ጨንፈር ስያትልውን ቃል ኣቕሪቡ። ብሓፈሽኡ ኣቐዲሙ ኣብ ዝቐረበ ዜናዊ መግለጺታት ስለዝተሓበረ፥ ዘይተጠቕሰን ኣገዳሲን እዩ ዝበልክዎ ምስ ትዕዝብትታተይ ኣሰንየ ከቕርቦ እየ።
ከንቲባ ማይክ ማኪኖን ናይ ከተማ ሊንዉድ፥ ናብ ፈስቲቫል ክሳተፍ ምስተዓደምኩ ኤርትራ እትብሃል ሃገር ኣብ ገጽ መሬት ከምዘላ ክፈልጥ ክኢለ፣ በይነይ ከይከውን ዘይፈለጥኩ ኢለውን ናብ ከባብየይ ዘለዉ መሳርሕተይ ሓቲተ፣ ዋላ ሓደውን ዝፈልጥ ኣይረኸብኩን፣ ድሒረ ከምዝተረዳእክዎ ግን ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ከምዘለዉ ክፈልጥ ክኢለ። ፈስቲቫልኩም ንኣብመንጎና ዝነብሩ ኤርትራውያን ባህሎምን እነሆ ከላልየና ጅሚሩ ኢሉ። ከንቲባ ዋዛ ምስ ቁምነገር እንዳሓወሰ፥ ንሕና ዕድለኛታት ኢና፣ ብርቱዓት ደቀንስትዮ እየን ዝመርሓና፣ ከምእትፈልጥዎ ናይ ስተይትና ዝለዓላ ኣመሓደርቲ (ጋቨርነር ክልተ ሰነይተራትን) ደቂ ኣንስትዮ እየን፤ ከምዝተዓዘብክዎ ኣብዚ ፈስቲቫል ኣብ ስራሕን ባህላዊ ንጥፈታትን ካብ ናይ ተባዕትዮ ናይ ደቀንስትዮ እዩ መሲጡኒ፥ ንሳተን ንጡፋት (ቫይብራንት) እየን፣ ዕላማኹም ክዕወት ብርቱዓት ደቀንስትዮ እየን ዘድልያኹም ኢሉ ነቲ ገዛ ኣስሒቑዎ። ብዛዕባ ኣድላይነት ተሳትፎ ደቀንስትዮ ኣብ ቃልሲ ኣብ ታሪኽናውን ስለዝተረጋገጸ ምስ ከንቲባ ኣይንፈላለን ኢና፣ ከንቲባ ግን ብደረጃ ምምራሕ ይዛረብ ስለዝነበረ ከነድህበሉ ዘሎና ጉዳይ ኮይኑ ንረኽቦ።

እቲ ዝዓበየ ጋሻ ናይቲ ፈስቲቫል፥ ን25 ዓመታት ኣባል ባይቶ ሕ.መ.ኣ. ኮይኑ ዘገልገለ ዩኤስ ኮንግረስ-ማን ጂም ማክዶርሚት እዩ። ብዛዕባ ኤርትራን ዝገዝኣ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓትን ድሓን ተረድኦ ከምዘለዎ ካብ ኣገላልጽኡ ተገንዚብና። ንዕላማታት ኤ.ደ.ማ. ከምኡውን ፍትሓውን ደሞክራስያውን ስርዓት ንምትካል ኣብ እነካይዶ ቃልሲ ናይ ዓወት ትምኒቱን ደገፉን ድሕሪ ምግላጽ፥ ነቲ ኣዳራሽ ፈስቲቫልን ትሕዝትኡን መሰረት ብምግባር " ኣመሪካ ናይ ስደተኛታት ሃገር እያ፥ ኣብዝሓ ባህልን ጸጋታትን ድማ ሒዞም ዝመጹ እዮም፤ ንሸኻትኩምውን በዚ ኣብዚ ፈስቲቫል ዝርእዮ ዘለኹ ታሪኻውን ባህላውን ኣቐሑትን፥ እዚ ዝሽትተኒ ዘሎ ክበልዕ ዝህወኽ ዘለኹ ጥዑም መግብን ደሚርካ፥ ሒዝኩሞ ዝመጻእኩም ጸጋታት የረጋግጽ። ኣብ መስከረም11, 2001 (9/11) ዘጋጠመ ናይ ኣሸበርቲ ሓደጋ፥ ኣብ መንጎና ዘይምትእምማን ከምዘስዓበ ርዱእዩ፥ ግን ካብ ዓሌት፥ መበቆል፥ ሕብሪ ወይ ሃይማኖት ነቒሉ ዓማሚን ኣነኣኣስን ርእይቶ ሓደ ኣብ ልዕሊ ሓደ ክድርቢ ማንም መሰል የብሉን፣ ሃገርና ናይ መሰልን ማዕርነትን ሃገር ኮይና ክትቅጽል ናይ ኵልና ግደ እዩ" ብምባል ቃሉ ደምደመ።

**ቃል ኣቦ መንበር ተ.ሓ.ኤ.-ሰ.ባይቶ፣**

ተጋዳላይ ስዩም ዑ/ሚክኤል ንፈስቲቫል ብምምጓስ፥ ኣብ መንጎና ተረኺቡ ምውዓሉ ዝተሰምዖ ሓጎስ ገለጸ፡፡ መልእኽቱ ብምቕጻል፥ ሕብረ-ብሄራዊ ኣቓቕማ ህዝቢ ኤርትራ ሓደ ዓቢ ካብ ጸጋታትና ምኳኑን ክንዕቅቦን ክንሕበነሉን ከምዘለናን

ኣዘኻኺሩ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ጨቋኒ ስርዓት ዘሕልፎ ዘሎ ስቓይ ብምዝርዛር፥ ዕላማታት ተ.ሓ.ኤ.-ሰ.ባ ዘካይዶ ዘሎ ንጥፈታትን ሓቢሩ። ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳንን ቻርተሩን ንተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ ጠርኒፉ ብምብጋስ፥ ሒዙዎ ዘሎ ጐደና ኣወንታዊ ስለዝኾነ፥ ንኽዕወት ክንድግፎ ከምዘለና ኣማሕጺኑ። ኣቦ መንበር ንኣመሪካውያን ዕዱማትና ብቋንቋ እንግሊዝ ጌሩ ኣብ ፌስቲቫልና ብምርካቦም ብምምስጋንን ጽማቖ ትሕዝቶ መደረኡን ኣቕሪቡ፡ ቀጺሉ ትሕዝቶ መልእኽቱ ብቛንቋ ዓረብ ብምቕራብ ቃሉ ደምዲሙ፡፡ ንኣኼበኛ ብምሉኡ በብዝሰምዖ ቋንቋ መልእኽቱ ብምትሕልላፉ ዘይተደነቐ ኣይነበረን፡ ኣድናቖቱ ንምግላጽ ድማ ገዛ ብምሉኡ ካብ መንበሩ ተሲኡ ኣጣቒዑሉ።

## ናይ ሕቶን ርእይቶን መድረኽ፡

ኣቦ መንበር ዝመርሖ ሓሙሽተ ኣባላት መሪሕነት ኣብ መድረኽ ደይቡ፥ ንዝወረደ ሕቶታትን ርእይቶታትን ለበዋታትን መልሲ ተዋሂቡ። ካብቲ ዝቐረበ ሕቶታት ናይ ገለ መንእሰያት ምጥቃስ ኣገዳሲ ኮይኑ ስለዝረኸብክዎ እነሆ ብሓጺሩ፡ መብዝሕትኦም መንእሰያት ምስ ስድርኦም ዝመጹ ነይሮም፥ ገለ ካብኦም ነቲ ኹሉ ዝግለጽ ብእንግሊዝ ይኹን ብትግርኛ ኣተኲሮም ይከታተሉ ኔሮም። ሮዛ ተድላ ዓሚ 12 ክፍሊ ተመሃሪት ከላ “እዚ ኩሉ ግፍዒ ብሓደ መራሒ ጥራይ ከመይ ጌሩ ዝፍጸም፥ ኣብ ሓደ ሰሚርኩም ካብ ስልጣኑ ዘይተልግስዎ” ኢላ ሓቲታ ኔራ። ሎምዘበን ናይ ኮለጅ ተመሃሪት እያ፡ “ እቲ ክትክተልዎ ዝጸናሕኩም ኣገባብ ቃልሲ ዘዐውት ዘሎ ኣይመስለንን፡ ሓድሽ ኣገባብ ዝቐረብኩሞዶ ኣሎ፤” ክትብል ሓቲታ። ኣብ ሰሚናር ዝተሳተፈ ናይ ኮለጅ ተመሃራይ ሲራክ ማቴዎስ “ ኣቦታትናን ኣዴታትናን ተቓሊስኩም ብዘረጋገጽክሞ ናጽነት እሕበን እየ፡ ሕጂ ፍትሕን ደሞክራስን ንምምጻእ ኣብ እተካይድዎ ቃልሲ መንእሰያት ግዴና ክነበርክት ከምዝግብኣና ይርኢ፡ ስለዚ ናብ ዝመጽእ ዓመት ፌስቲቫል ናይ መንእሰያት መደብ ንምድላው ካብ ሕጂ ምእንቲ ክንዳሎ መንእሰያት በዚ ኣድራሻዚ ክራኸቡኒ ሓብሩለይ ኢሉ።” ድሕሪ ፌስቲቫል ኣቦ መንበር ኣብ ኦክላንድ ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ፥ ተሳትፎ መንእሰያት ዝምልከት ሰፊሕ ክትዕ ድሕሪ ምስምዑ፥ ሓደ ናይ ኮለጅ ተመሃራይ መንእሰይ ተንሲኡ “ ኣነ ከም መንእሰይ መጠን፥ መንእሰያት ዝብልዎን ዝሓስብዎን ይፈልጥ እየ፡ ከምቲ ዓበይቲ ዝተፈላለየ ኣተሓሳስባ ዘለኩም መንእሰያትውን ሓደ ኣይኮነን ኣታሓሳስብኦም፡ እቶም ክቃለሱ ዝደልዩ በየን ከምዝቃለሱ ይጽግሞም ስለዝኾነ፥ ውድባት ክኣልይኦምን ክሳትፎኦምን ክበቕዓ ይግባእ” ኢሉ።

## መደብ ባህላዊ ምሸት፡

ወናማት ሙዚቀኛታትን ድምጻውያንን ካብ በቦትኦም ናብ ፌስቲቫል ከማዕርጉ ዝመጹ፤ ገረመድህን ሹምሓላል፥ ኣስመላሽ ክ/ማርያም፥ ተወልደ ባህታ፥ በራኺ ሙሴ፥ ሚክኤል ኣልኣዛርን፥ ከድርን እዮም። ባህላዊ ልብሲ ዝተኸድኑ ደቂ ተባዕ ትዮን ደቀንስትዮን ናይ መንእሰያት ጉጅለ ባህሊ፥ ከምኡውን ወቓዕቲ ከበሮን ዲኖን ሴፍን ዓቲሮም ዝስዕስዑ ወናማትን ደሚርካ ብባህልታት ከበሳን መታሕትን በብተራ ምስ ወረደ ብዕልልታን ጨብጨባን ምስደመቐ ወኒን ኣድናቖትን ናይ ዕ ዱማትና ኣመሪካውያንውን ኣላዒሉ እዩ፡፡

ኣብዚ እዋንዚ ከንቲባ ማኪነን ንጓል ኣርባዕተ ዓመት ዝኾነት ጓል ወዱ፥ ንገዝኣ ከይዱ ኣብ ፌስቲቫል ሓድሽ ነገር ክትርኢ ኣምጺእዋ። መጀመርያ ኵሉ ነገር ሓድሽ ስለዝኾና ፌዚዛ ድሕሪ ምጽናሕ፤ መዛኑኣ ዝኾኑ ደቅና ክስዕስዑ ምስረኣየት፥ ሙዚቃ ናይ ዓለም ቋንቋ ከምዝበሃል፥ እቲ ሙዚቃውን ስለዘለዓዓላ፥ ምስቶም ቈልዑ ተሓዊሳ ክትስዕስዕ ጀመረት። ኣቦሓጎታታ ግን ከይትጠፍኦም ተሻቒሎም ደድሕሪኣ ክሽዱ ዝርኣየ ሓደ ካብ ብጾት ንጓል ዓሰርተ ዓመት ሰላም ዝስማ ጓሉ ክትኣልያ ሓቢሩ ኣቕሲኑዎም ኣምሰየ። ከንቲባ ስድርኡ ሒዙ ንገዝኡ ምስነቐለ፤ ብልቦናን መንፈዓትን ናይ ሰላም ከምዝተደነቑ ነቦኣ ብምግላጽ ናይ ቤት ጽሕፈቱ ካርድ ኣብዝኾነ እዋን ክትድውል ንሰላም ሂቡ ተሰናቢቱ።

## ናይ ኣባላት ሰሚናር፧

ንጽባሒቱ ብኣቦ መንበር ዝተመርሐ ናይ ኣባላት ሰሚናር ተኻይዱ። ኣቦ መንበር ንውድብን ኪዳንን ዝምልከት ዝዓሞቐ ሓበሬታ ድሕሪ ምሃብ፥ ካብ ኣባላት ንዝቐረበሉ ሕቶታት መሊሱን ለበዋታት መዝጊቡን ድሕሪ ምድምዳም፤ ብኣባላት ምምሕዳር ዞባ ሕ.መ.ኣ. ዝተመርሐ ሰሚናር ቀጺሉ።
ሰሚናር ዘተኰረሎም ጕዳያት፧ ፌስትቫል ብሓፈሽኡ ዕዉት ምንባሩ ገምጊሙ ንመጻኢ ክመሓየሽ ዘለዎ ጐድንታት ብምዝታይ ርእይቶታቱን ውሳኔኡን ንኣካያዲ ሽማግለ ኣረኪቡ።
ውድብና ንምሕያል፥ ፖለቲካውን ስርርዓውን ክምኡውን ምጣኔ ሃብታውን መደባቱን ንጥፈታቱን ከዐሙቕ ከምዘለዎ ብዝርዝር ተመያዩጥሉ።

## መደምደምታ፧

ፌስቲቫል ተጀሚሩ ክሳብ ዝውዳእ፥ ተሳተፍቲ ታሕጓሶምን ኣድናቖቶምን ብቓላቶም ዝገለጽዎን ኣብ ገጾም ዝንበብን ኮይኑ፥ ከምቲ ስዋኣ ዝጠዓመላ እሞ “ ኣታ ክንደይ ጥዑም ስዋየ..፥ ክንደይ ጥዑም ስዋ..፥ ኣታ ክንደይ ጥዑም ስዋየ.. ግንባራ ሂብዋ” ኢሉ ዝተደርፈላ ብዓልቲ ውራይ እዩ ዝመስል ዝነበረ።

ኣመሪካውያን ዕዱማት ናይ ምስጋና መግለጺኦም ንኣካያዲ ሽማግለ ካብ ዝሰደድዎ ደብዳበ ከምዘለዎ ምጥቃስ፥ ብመንጽሮም ከመይ ከምዝረኸብዎ ዝሕብርዩ።

ከንቲባ ማኪነን “ ብዘዳለኹሞ ፌስቲቫል ከምዝተመስጥና ንሕብረኩም፧ ንመጻኢ ኣብ እተዳልውዎ ክንተሓባበረኩም ቃል ንኣቱ፧ ጓልና ራይሊ ኣብ ዕድሚኣ ዘይትርስዖ ተመኲሮ ከነርእያ ምብቃዕና ድማ ብዝያዳ ሕጉሳት ኢና” በለ።

ፓመላ ብወገና፥ ኣብ ኮምዩኒቲኹም ብፍላይ፥ ኣብ ዝሰፍሐ ኮምዩኒቲ ድማ ብሓፈሻ እተካይድዎ ስራሓት ኣመስግነኩም፧ ሃገርኩምን ህዝብኹምን ዝሓልፎ ዘሎ ወጽዓ ናብ ኣቓልቦ ዓለም ከምዝበጽሕ ምግባርኩም ንዓለም ብሓላፍነት ዘሰክማ እዩ። ተግባርኩም ነታ ውርይቲ ናይ ኣንትሮፖሎጂ ተመራማሪት ማርጋረት ሚድ “ብውፉያት ውልቀሰባት ዝቖመ ንእሽቶ ጕጅለ ኣብ ዓለም ለውጢ ከምዘምጽእ ኣይትጠራጠሩ፧ ብሓቂውን ንሱ እዩ ኣብ ታሪኽ ዝተራእየ፧” ዝበለቶ የዘኻኽረኒ ድሕሪ ምባል፥ ኣብ ዝመጽእ መደባትኩም ክተሓባብረኩም ምዃነይ እርኢ ኢላ።

ፈስትቫል እምበኣር ኣብ ውሽጢ ህዝብናን ባህልታቱን ስጡም ሓድነትን ስኒትን ንምምዕባል፥ ምስ ኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ ባህልታት ድማ ሌላን ዝምድናን ንምፍጣር እንግልገለሉ ቅዱስ መሳርሒ እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ኣብ ኤሮጳ ን20 ዓመት፥ ኣብ ኣመሪካ ንኻልኣይ ጊዜኡ በብዓመቱ ክካየድ ዝጸንሐን፥ ኣብዚ ዝሓለፈ ወርሒ ድማ ኣብ ኣውስትራልያ ዝተጀመረን ፈስቲቫላት ነዚ ዝተጠቕሰ ዕላማታት ንምርግጋጽ እዩ፡፡ ስለዚ ከነተባብዖን ክንሳተፎን ሓላፍነትና እዩ።

ሓድነትን ስኒትን ህዝቢ ኤርትራ ይደልድል
ክብርን ዝኽርን ንሰማእታትና።

ፍስሃየ ሓጎስ